# ውህደት እንታይ እዩ?

ውህደት ማለት ኣብ ስዊዘርላንድ ብጽቡቕ እንትሰማምዑ እዩ፣ ኩሉ ሰብ ኣካል ሓደ ማሕበረሰብ ምዃኑ እንተተሰሚዕዎ፣ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ንናይ ኩሉ ሰብ ጽቡቕ ነገር እንተተዋፈሩ እዩ። ቀስ ብቀስ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብዝተኽኣለ መጠን ኣብ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ባህላውን ማሕበራውን ህይወት ክሳተፍ ኣለዎ። ምክብባር፣ ሓባራዊ ሓገዝን ማዕረ ዕድላትን ንጽቡቕ ውህደት ኣገደስቲ እዮም።

## እቲ ውህደት ከመይ ይኸይድ ኣሎ?

ውህደት ኣብ መዓልታዊ ህይወት፣ ኣብ ገዛ፣ ኣብ ስራሕ፣ ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ይፍጸም። ዝኾነ ሰብ ብነጻ ክንቀሳቐስን ምስ ካልኦት ክራኸብን ክኽእል ኣለዎ ናይ ኩለን ሃገራትን ባህልታትን ሰባትን ብማዕረ ክተሓዙ ኣለዎም፣ ብኣኽብሮት።
ናይ ወጻእተኛታት ግቡእ ውህደት ዝምልከት ሕግታት ኣብ ዓንቀጽ 4 ናይ ፈደራላዊ ሕጊ ወጻእተኛታትን ውህደትን (Loi fédérale sur les étrangers et l'intégration) (LEI) ተዘርዚሩ ኣሎ።

## ውህደት፡- ናይ ኩሉ ማሕበረሰብ ሓላፍነት

ውህደት ናይ ኩሉ ሰብ ጉዳይ እዩ። ውህደት ንናይ ኩሉ ሰብ ጥቕሚ እዩ።
መንግስቲ (ኮንፈደረሽን፣ ካንቶናትን ምምሕዳራትን) ከምኡ'ውን ሕብረተሰብ ንኩሉ ማዕረ ዕድላት ከመቻችዉ ኣለዎም። ናይ ወጻእተኛታት ተሳትፎ ኣብ ህዝባዊ ህይወት ክተባባዕ ኣለዎ።
ውህደት ፈለማ ኣብ እቶም ልሙዳት መዋቕራት ይፍጸም፣ ከም'ዚ ዝስዕብ፡-

- እቲቤት ትምህርቲ
- እቲ ስልጠና
- እቲ ስራሕ
- ከምኡ’ውን ዓውዲ ጥዕና

ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ውህደት ዕድላት ንወጻእተኛታት ናብ ተራ ትካላት ክኣትዉ ንምሕጋዝ የድልየኩም እዩ። ንኣብነት ናይ ውህደት ክፍሊ፣ ምስ ናይ ፈረንሳይኛን ካልኦትን ትምህርትታትን፣ ድሕሪኡ ናብ ናይ ሞያ ቤት ትምህርቲ ክትኣትዉ ምእንቲ ትኽእሉ።

## ናይ ውህደት ፖሊሲ

ካብ 2014 ኣትሒዙ፣ ኮንፈደረሽንን ካንቶናትን ናይ ካንቶናዊ መደብ ውህደት (les Programmes d’intégration cantonaux (PIC)) ይሰርሑ ኣለዉ። እዞም መደባት እዚኦም ንወጻእተኛታት ዝምልከት ዕድላት የጠቓልሉ።
ኣብ ናይ PIC መደብ፣ ዝተፈላለዩ ቦታታት ኣለዉ፡-

- ሓበሬታን ምኽርን
- ናይ ፈረንሳይኛ ትምህርትታት
- ስልጠናን ስራሕን
- ቁልዕነት
- እቲ “ብሓባር ምንባር (Vivre-ensemble)“
- ቃልሲ ኣንጻር ኣድልዎን ዓሌታውነትን
- ትርጉምን ተርጓምን

ነፍስወከፍ ካንቶን ከከም ድልየቱ ናይ ገዛእ ርእሱ መደባት ይፈጥር።
ካብ 2019 ጀሚሩ፣ ናይ ውህደት ዕድላት ነቶም ካብ ዑቕባ ዝመጹ ሰባት እውን ኣካል ናይዞም መደባት (ኣጀንዳ ውህደት ስዊዘርላንድ (Agenda Intégration Suisse) (AIS)) እዮም።
ኣብ ርእሲ እቲ PICs፣ እቲ ኮንፈደረሽን ካልኦት ሃገራውያን ፕሮጀክትታትን መደባትን ይድግፍ።

## ኣብ canton du Jura፦ ክልተ ቀንዲ ናይ ውህደት ኣገልግሎታት

- **ቤት ጽሕፈት ውህደት ወጻእተኛታትን ቃልሲ ኣንጻር ዓሌታውነትን** (Le Bureau de l’intégration des étrangers et de la lutte contre le racisme (BI))

ኣብ canton du Jura፣ እዚ ቤት ጽሕፈት'ዚ ፖሊሲ ውህደት ወጻእተኛታት ከምኡ'ውን ኣንጻር ዓሌታውነት ዝካየድ ቃልሲ ይፍጽም።
እዚ ቤት ጽሕፈት እዚ ኣብ መንጎ ህዝቢ፣ ምምሕዳር፣ ትካላትን ማሕበራትን ዝርከብ ናይ ርክብ ማእከል እዩ።
እዚ ቤት ጽሕፈት ኣካል ናይ ማሕበራዊ ንጥፈታት ኣገልግሎት ኮይኑ፣ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ክፍሊ ውሽጣዊ ጉዳያት canton du Jura (Département de l'intérieur du canton du Jura) ይርከብ።

- **ናይ** Jura **ማሕበር ምቕባል ስደተኛታት** (L’Association Jurassienne d’Accueil des Migrants (AJAM))

ሓተቲ ዑቕባ ናብ AJAM (ናይ ስደተኛታት ፍቓድ B፣ F፣ N ከምኡ'ውን S) ይኣትዉ።
AJAM ኣብ canton du Jura ኣብ ሓድሽ ህይወቶም ይስንዮም እዩ።
እዚ ማሕበር እዚ ሰባት ይሕግዝ፦

- **ሕክምናዊ ክንክን ንምርካብ**
- **ስራሕ ንምርካብ**
- **መንበሪ ገዛ ንምርካብ**
- **ከምኡ'ውን ምስ ናይ** Jura **ማሕበራዊ ህይወት ውህደት ንክፈጥሩ።**

canton du Jura ነዚ ስራሕ ናብ AJAM ኣመሓላሊፉዎ ኣሎ።
AJAM ንማእከል ምትብባዕን ስልጠናን ንደቂ ኣንስትዮን ስድራቤትን (Centre d’Animation et de Formation pour Femmes et Familles (CAFF)) ከምኡ'ውን ማእከል ጥዕና ማሕበረሰብ (la Maison de Santé Communautaire (MdSC)) ይከታተል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.bonjour-jura.ch/ti/integration/lintegration-cest-quoi